# *ብግዳም ዓወት ብውሽጢ ጥልመት*

## *ሕጂ'ከ ናበይ?*

### *መበል 13 ክፋል*



*ብተስፉ ዘውደ*

ከምቲ ኣብ ዝሓለፉ 12 ክፋላት ዝገልጽክዎ፣ እቲ ቓጻይ ሓኽሊ ድሙ ንኩሉ ብሒቱ ሃገር ዝውንነሉን ሰሪዑን ኣዋዲዱን ከምኡውን መደቡ ሓብጺጹ፣ ነቶም ሃገራዊ ምዕባለን ህዝባዊ ተባላሓትነትን ተበግሶን ክብ ከብሉ ዝተበገሱ፣ ክጽህዮም ኢዩ ወጢኑ። ድሕሪ ኣብ ዶብን ሱዳን ዝተኻየደ ውግእ-ሓድሕድ ምስ ኣብቀዐ ስዒቡ በብተራ ብዙሓት ሽርሕታት ኢዩ ኣተግቢሩን ፈጺሙን። ብክልተ መዳይ ዝካየድ ዝነበረ ውግእ እውን እንተኾነ ንረብሕኡ ዘተግብረሉ ረቂቕ ሜላ ሓዘል ኢዩ ነይሩ። ብካልእ ድማ እቲ ናይ ወገን ተጋደልቲ ህዝቢ ቕማል ዝብል ብልሓቱ ንምግታእ ኢዩ እቲ ቀንዲ ናይ ህዝባዊ ምንቅስቓስ* ዝተላዕለ(*በቲ ኣንጭዋ ቤት ናይዝጊ ክፍሉ ዝወጸ ሳጓ መንካዕ ዝተሰየመ)። እዚ ናይ ሙቕማል ሜላ ድማ ኣብ ክልተ ዝተኸፍለ ማእለማ ነይርዎ። እታ ቀዳመይቲ ናይ ምእራም ኢሎም ዝተበገሱ ካልእ ኣንጻሮም ዘልዕሉ ጉጅለ ፈጢርካ፣ ድሕሪ ምብጋሶም ድማ ንሕቶታቶም ኣጽኒዕካን ምስቲ ብዝሒ ናይ ዘይተማህረ ኣካል ዘሰሓሕብ ወጥሪ ፈኒኻ ከም ገበነኛታትን ጥልመት-ሃገር ከም ዝፈጸሙ ኣእሚንካ ምሕቃቕም መደብ ወጸ። እታ ካልኣይቲ ድማ ኣብታ ናይ ሰውራዊት ኩታ ንግዝይኡ ተወንዚፎም ዘለዉ ብትዕግስትን ህድኣትን ኮነ ስነ-ፍልጠታዊ ኣፈታትሓ ክህልው ኣለዎ በሃልቲ ንግዝይኡ ካብ ሙቕማሎም ንግዝይኡ ከም ሕብያን ጭብን ኣጽኒሕካ ኣብ ምቹእ እዋን ብሓዊ ምልብላቦም ትብል ሜላ ኢያ። መን ኢዮም እቶም ክቑመሉ ዝተመደቡ። ኩሎም ኣብ ዙርያ ዩኒቨርሲትን ልዑል ትምህርትን ዝተሳተፉ እሞ ብዘልዓልዎ ክልሰ-ሓሳባዊ ዝንበሌ ውድብና ክትጻወሮ ዘይትኽእል ለውጢ ንሰውራና ምጉዕጻጽ ኢዩ ዝብል መናፍሕ ፈኒኻ፣ ጥሩፋት ዝብል መወገኒ ዛዕባ ትፈጥር እሞ ንሰውራ ንምጽራይ ትጸርጎም። እሳቶም ድማ ኣቶም ሕሉፋትን ጥሩፋትን ጸጋማውያን ዝተሰምይዩ ለጠፍን ተድርብን ገርካ ንገለ ምሁራት ድማ ከም በዓል ትሮትስኪ ኣምሲልካ ተቐርቦም። ዘቕረብዎ ብሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ሰውራ ክንምራሕ ኣለና ዝበሉን ምስኦም ሓዊስካን ጠርኒፍካ ጠራኒፍካን ኣወንታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ናይ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንናይ ብሕቲ መንበርካ ኩርካሕ ኢዮም። ሕብያ ወይ ጭብ ድማ ነቲ ጠለባት ቅኑዕን ፍትሓውን ዝብሉ ከም ደገፍቶ ዝተሰምዩ ባእታታት ስለ ዝኾኑ ኩሉ እቲ ዝተወስደ ስጉምቲ ምስ ተረሰዕን፣ ኣንጻር ጸላኢ ዝካየድ ውግኣት ዝተሰውኡ ግርም፣ ዝተረፉ ድማ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ቀቢእካ ተህጥም።

ምቕልቃል ንኸበሳ።

ቀንዲ ነቲ ኩሉ ዝካየድ መደብ ብሒቱ ክውንኖ ኢሰያስ ዝተለመ ናብ መብዛሕትኡ ትግርኛ ዝዛረብ ህዝቢ ለመም እንዳ በልካ ቅድሚ ምእታው፣ እሞ ተመሃሮን ምሁራትን ዝበዝሕዎ ከባቢ ስለ ዝኾነ ከቢድ ሕቶታት ዘልዕሉልካ ኣብ ሳሕን ትሕቲ ባይታ ተእትዎም ቀንዲ ሕማሙ ኢያ ነይራ። ስለዚ እቲ ቀንዲ ናይ ከበሳ ጉዕዞ ክልተ መደብ ነይርዎ ኢዩ። (ሀ) ብውሽጢ ነታ ወድብ ብሽብጢ ገርካ ተጽርያ። እዚ ድማ መታን ደቂ ኣከለ-ጉዛይ ካብ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት ናይ ዘለዋ ኩሉ ሽግራት መምኽነይታ ዝኾና ገለ ኣብ ህዝቢ ዘጋጥም ናእሽቱ ተርእዮታት ኣተዓባቢኻ ተመራሪ ኣካል (scapegoat) ክኾኑ ዝተመደቡ ዝተፈጥሩን ኢዮም። ኣብ ናይ ጥሒሳ ጉጅለ (ናይ ኣዲስ ኣበባ ጉጅለ) ቀንዲ ኣዕሩኽቱ ንኢሰያስ ሙሴን ድሩዕን (ስዒቡ የውሃንስ ስብሃቱን) ኢዮም ነይሮም። የውሃንስ ልዑል ናይ ፍልጠት ብቕዓት ዝወነነ ብምንባሩ ኢሰያስ ብቕንኢ ዝተወጠሩሉ ግዜ ነይሩ። ቅንኢ ድማ ቀንዲ

ጠንቂ ገበን ኢዩ። ግን እዚ ናይ ኣውራጃ ሕማም ካበይ ይብገስ? ንናይ ኣምሓራ ሕማምን ናይ ኢሰያስ መንሽሮን መበገሲኡ ድማ እታ ኤርትራ ንኤርታውያን ኣብ ዓዲ ቀይሕ ምምስራታ ኢዩ። ካብቶም ቀንዲ ተዋሳእቲ ደቂ እዚ ከባቢ ጥራይ ኣይነበሩን። ብዙሓት ኤርትራዊያን ካብ ኩሉ ነይሮም ኢዮም። ጅግና ሓርበኛ ራእሲ ተሰማ ነታ ቦታ ምምራጾም ምስቲ እንግሊዝ ዝፈጥሮ ዝነበረ ናይ እምነት ምጉጅጃል ንምምካን በቲ ሳሆን ክርስትያይይ ዘለዎም ናይ ሓባር ናብራን ፍቕርን መግለጺ ክኸውን ኢሎም ኢዮም። ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ኣውራጃዊ ውድድርን ተራእዩን ተሰሚዑን ኣይፈልጥን። ቀንዲ መበገሲ ስርዓት ሃይለስላሰ ኢዩ። ንኣከለጉዛይ ድማ ሕኑን ሕማም ኣሕዲሩ ነይሩ። ፈደረሽን ክትፈርስ ከላ ኣብቲ ባይቶ ከይተረፈ ነቶም ጫው ጫው ዝብሉ ዝነበሩ ጉጅለ ኣከለ-ጉዛይ ክብል እቲ ለምጻም ኣለማዮ ኪዳኑ ዝበሃል ዓው ኢሉ ኢዩ ኣእውዩ።

እዋን ልክዕ ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣብ ክዕሶ ክልተ ቡርቱዓት ጋንታታት ምንባረን ናይ ኩላህና ተዘክሮታት ኢዩ። ንሰን ድማ ሓማሴን ኣከለጉዛይን ምንባረን ይዝከር። እዘን ክልተ ጋንታታት እዚኤን ደገፍተን ካብተን ክልተ ኣውራጃታት ኢዮም። ናይ ደገፍ ምንጨን ድማ ኣዝዩ ብርኩት ብምንባሩ ካብ ኤርትራ ሓሊፈን ንናይ ኢትዮጵያ ስፖርት ዳርጋ ዓብሊለንኦ ነበራ። ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ዋንጨ ጨባጢት መን ትኸውን ዝብል ወሳኒ ጸወታ ልዕሊ እዘን ጋንታታት ተወሳኺት ተለኮምኒከሽ ኣስመራ እንተዘይኮይኑ፣ ልዕሊ እዘን ክልተ ኣውራጃታት ካልኦት ሓያላት ኣይነበረን። ብሓይሊ ናይዘን ክልተ ኣውራጃታት ደገፍተን ናይ ኢትዮጵያ ኩዕሶ ፈደረሽን ኣዝዩ ኢዩ ኣብ ወጥሪ ኣዩ ነይሩ። ካብ ኣስመራ ሓንቲ ካብ ክልቲኤን ጋንታ ንወሳኒ ጸወታ ናብ ኣዲስ ኣበባ ክትመጽእ ከላ ኩሉ ኤርትራዊ ካበየናይ ኣውራጃ ትምጻእ ብዘየገድስ ደጋፊ ናይታ ካብ ኣስመራ ዝመጸት ኢዩ ዝኸውን ነይሩ። ሓማሴን ትምጻእ ወይ ኣከለ-ጉዛይ ብዘየገድስ። እዚ ንኢትዮጵያውያን ዓጽሚ ኣብ ዓንቀር ኢያ ኮይናቶም ነይራ። ብፍላይ ኣብቲ ሳልሳይ ናይ ኣፍሪቃ ዋንጫ ኢትዮጵያ ዝጨበጠትሉ እዋን ካብ 11 ተሰለፍቲ ቅድሚ ዕረፍቲ 8 ተጻወቲ ድሕሪ ዕረፍቲ ተኽለ ስልኪ ወሲኽካ 9 ካብ ኤርትራ ኢዮም ነይሮም። ካብ ሩስያ ጋምታ ባኩ፣ ካብ ብራዚል ጋንታ ብራዚልያ፣ ካብ ኢጣልያ ጋንታ ቫረዘ፣ ክብ ሱዳን ከም ጋንታ ሂላል ወይ ጋንታ መሪኽ፣ ኣብቲ እዋን እተን ዓበይቲ ጋንታታት መጺኤን ኣብ ኤርትራ ክሳዓራ ወይ ድማ ማዕረ ክወጻ እንተ ዘይኮይነን ስዒረን ኣይፈልጣን። እታ ናይ ብራዚል ንሕርይቲ ጋንታ ኢትዮጵያ ብገጊሕ ክትስዕራ ከላ፣ እቶም ምስ ሕርይቲ ጋንታ ኢይቶጵያ ተሰሊፎም ዝተጻወቱ ኤርትራውያን ኣብ ክንዲ ሓንቲ ወይ ክልተ መዓልታት ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝምለሲ ብነፋሪት ፋዱስ ኣስመራ ኣትዮም ምስ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ካብ መዓርፎ ነፋሪት ወርድ ኢሎም ድሕሪ ምእታዊም ትኽ ኢሎም ንሜዳ ኩዕሶ ብመኪና ተጓዒዞም ምስታ ብራዚላዊት ጋንታ ማዕረ ወጺኦም። ደሓር ስዒቡ ድማ ከም ሰራየ ሎጎጭዋ ዝበላ ጋንታታት እውን ኣብቲ ናይ ሕርይቲ ጋንታ ኢትዮጵያ ምርጫ ስለ ዝተሓወስኦ ናይ ኤርትራ ተጻዋቲ ጸብለልነቶም ንደገፍቲ ሽዋን ሃረርን ኣብ ሓንጎሎም ጭንቂ ኢዩ ፈጢሩሎም ዝነበረ። ብፍላይ ኣብ ካይሮ ዝሕተማ ጋዜጣታት ኢትዮጵያ ዘይኮነትስ ዝሰዓረትና ኤርትር ኢያ ክብሉ ጽሒፎም። እንተ ደገፍቲ ጋንታ ሓማሴን፣ ኣከለጉዛይ፣ ሰራየ፣ ወይ ልጎ-ጭዋ ኣብቲ ናይ ሰንበት ግጥም ኣብ ከክበቦም ምርኻብ እንተዘይ ኮይኑ ካልእ መዓልቲ ኣብ ኣስመራ ምትሕውዋስ ደገፍቲን ዕላልን ንቡር ኢዩ ነይሩ። ንከተማ ኣስመራ ድማ እዚ ዝበሃል ባእስን ኣምባጓሮን ርኢናን ሰሚዕናን ኣይንፈልጠን። ብኹሉ መዳይ ቁጠባ ኤርትራ ክዳኸም ኮነ ኢልካ ዝተኻየደ ጉዳይ እውን ነይሩ።

ኣቐድም ኣቢላ ካብ ዘበን እንግሊዝ ጋንታ ቀይሕ-ባሕሪ ምስ በዓል ኣዝማራ (ናይ ጠላይን ጋንታን) ሓማሴን ማረሮሶ ትብሃል ጋንታ እውን ነይራ። ብኢትዮጵያውያን ከም ጋንታ ኣስላም ተባሂላ ምስተን ናይ ክርስትያን ዝብልወንን ዝወገንወን ጋንታታት ከም ናይ ምፈላለይት ገይሮም የቕርብዋ ነይሮም። ተጻወቲ ናይዛ ጋንታ ቀይሕ-ባሕሪ ካብ ኩሉ መደያ ዝኾኑ ማለት ኣስላም ክርስትያን ስደተኛታት ከም ተወላዶ የመን ኮይኖም ግን ኣብ ኤርትራ ዝተወልዱ ኢዮም። እዛ ጋንታ እዚኣ ምዉኽን ዕሙርን ክበብ ኣብ ማእከል ከተማ ኣስመራ ስለ ዝነበራ ኩሉ ድማ ብሓባር ዝሳተፈላ፣ ብምንባራ ምውኽ ምትሑቛቛፍ ስለ ዘስገኦም ናይኢትዮጵያ ናይ ስለላ መርበብ ዝሰሓበት ኢያ ነይራ። ጸኒሓ ድማ ጋንታ ባርካ ኣብቲ ካልኣይ ዲቪዥን ቦቐለት። ሕጂ እውን እቶም ተጻወቲ ካብ ክልቲኤን እምነታት ኢዮም ነይሮም። ደጋፊ ባርካ ድማ ኩሉ ኤርትራዊ ብምሉኡ ኢዩ ነይሩ። ኣውራጃ ወገን እምነት ዘይፈልዮ ምትሕብባር ሰረት ተቐማጦ ኣስመራ ብሓባር ዝሕብር እዋን ምንባሩ ኩሉ ዝፈልጦ ሓዊቂ ኢዩ። እተን ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ሰንበት ንግሆ ክጻወታ ከለዋ ብፍላይ ባርካ ግጥም ምስ ዝህልዋ እቲ ናይ ኩዕሶ መጻወቲ ሜዳ (ትሪቡና) ጻት ንጻት ይመልእን ቦታ ኣይርከቦን። ተዓዘቡ ብረታዊ ቃልስና 1961 ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ባርካ ሓንቲ ናይ ዕጥቃዊ ቃልስና ብምንባራ ህዝቢ ነታ ጋንታ ከም ምልክት ስምረቱ ገይሩ ወሲድዋ ነይሩ። ቀጺላ ብገለ ድማ ኣርባዕተ ኣስመራ ትበሃል እውን ቦቖለት። እወ ብርትዕቲ ጋንታ ብምንባራ ነታ ብኢትዮጵያ ትጽሎ ናይ ኤርትራ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ተርባጽ ኮነታ። ሓዳሽ ጋንታ ወልዋሎ ትብሃል

ድማ ብገለ በረቐት። ኣብዚ ንህዝቢ ምፍልላይ ዝፈጥር መሲሉ ዝረኣየካ ጉዳይ ገርካ ክውሰድ ዝተገብረ ስጉምቲ ድሕረ ባይታ ይህልዎ ይኸውን። ይኹን እንበር ውድድር ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣዝዩ በርተዐ እንበር ኣይነከየን። ህዝቢ ኤርትራ በቲ ናይ ፈደረሽን እዋን መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝፈጠረቶ ናይ ደገዝማቲ ተድላ ባይሩን ናይ ቢተወደድ ኣስፈሃ ወልደሚካኤል ምጉጅጃል ኣይተፈጥረን። ነዚ ምስ ተወደአ እውን መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ኣውራጃዊ ስምዒት ክጸሉ ናይ ደገዝማቲ ሓሮጎትን ደገዝማቲ ተስፋየውሃንስ ውድድር ምህላዉ እውን ብታሕቲ ታሕቲ ይፍኑ ነይሩ። ግን ህዝቢ ኣይተሃመለን። ተሓቛቊፉ ውሽጣዊ ንምጉጅጃል ኣምኪኑ።

ኢሰያስ ግን ስለምንታይ ኢዩ ብመጀመርያ ንእውራጃ ኣከለ-ጉዛይ ብኣሉታዊ ከም ትጥመት ንቡዙሓት ኤርትራውያን ሕማቕ ጠቐነ ፈንዩ። ክሳብ ሎሚ ድማ ምዝሓል ኣብዩ። ነዚ ስምዒት እዚ ሕዞም ሒጊን ዝብሉ የለውን ዝብል ሰብ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኢዩ። ከምቲ ተወላዲ ናይቲ ኣውራጃ ኮይኑ ጽፍዒት ዘይረኸቦ ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። ግን ነዚ ዘየስተብሃሉሉ ደገፍቱ ክሳብ ሎሚ ክግዕሩ ትሰምዖም። ወጽዓ ብሄር ኩናማ ካብ ደቂ ኩናማ ንላዕሊ ክገልጾ ዝኽእል ካልእ ሰብ ክህሉ ኣይክእልን። ተዳናጋጺ ግን ኣብ ኩሉ ነቲ ወጽዓ ዝረኣየ ብብዝሒ ኣሎ። ኣብ ናይዚ ኣውራጃ እዚ እውን ከምኡ። ገለ ደቂ ሓንቲ ኣውራጃ ምትእኽኻቦም ዘሕምሞም ኣለዉ። እዚ ግን ምስ ፖለቲካዊ ቅርጺ ገርና ክንርአ የብልናን። መንግስቲ ሓምሴን መንግስቲ ባርካ መንግስቲ ሰምሃር መንግስቲ ሰራየ መንግስቲ ሰንሒት መንግስቲ ሳሕል ዝበሃል እኮ የለን። ዝትከል መንግስቲ ኤርትራ ጥራይ ኢዩ። ካልእ ዘየድሊ መረረ ኢዩ። ምትእኽኻብ ኣብ ሓደ ኣውራጃ ዝዓበዩ ስለምንታይ ይሕመና። ከምኡ እንተደኣ ኮይኑ ንምንታይ ናይ ኤርትራውያን ማሕበረ ኮም ንጀርመን ዘየሕምሞም? ኢሰያስ ግን ሓንሳብ ከም መፈላለይ ነጥቢ ፈልዩ የቕርብ እንበር ካልእ መደብ ነይርዎ ኢዩ። እስኪ እተን መደቡ ንተዓዘበን። ንዘይደልዮም ባእታታ ምህላቕ እነብር ንሓንቲ ኣውራጃ ፈትዩ ወይ ነታ ካልኣይቲ ጸሊኡ ኢዩ ኢልና ጸግዒ ክንሕዝ ኣይግባእን። እሱ ናይ ብሕቱ መደብ ነይርዎ ኢዩ። እዚ ኩሉ ከምዚ ክኸውን ከሎ ቀንዲ ዕላምኡ ንኤርትራ በይኑ ክብሕታ ስለ ዝደለየን፣ ዝኾነት ትኹን ንናቱ ሸርሒ ተስርሕን ተዕውትን መደብ ከሕንጽጽ ዕላምኡ ስለ ዝኾነ። እቲ ኣብ ኣስመራ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተጠቐመትሉ ፍሕሶታት ብዘይካ ኢሰያስ ዝተጠቕመሉ ሰብ ካልእ የለን።

ስለምንታይ ግን እዚ ኩሉ ተግባር ብጭቡጥ ፈልዩ ኣብ ልዕሊ ኣከለ-ጉዛይ ገይርዎ? እወ ኣነ ትውልደይ ካብ ኣከለ-ጉዛይ ኢዩ። ይኹን እንበር ኣብ ከተማ ባጽዕ ስለ ተወለድኩ ናይ ኣውራጃ ስምዒት ፈጺሙ ኣይነበረንን። ሓቂ ብሓቂ እቲ ቀንዲ ኣንጻር ኣውራጃዊ ሕማም ዝጸላእክዎ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ብፍላይ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ኢዩ። ኣነ ኣውራጃዊ ምጉጅጃል ክጸልእ ዝጀመርኩ ኢሰያስ ብኣውራጃ ክጻወትን ከጥፍእን ምስ ጀመረ ኢዩ። ኣብ እቲ ናይ መንካዕ ዝብሎ ምንቅስቓስ እሞ እሱ ባዕሉ ዘበገሶን ንሰለሙን እውን ከም ዝድግፎ ብስዉር ዝጸለዎ ኢሰያስ ባዕሉ ኢዩ። ኢሰያስ ውዕዉዕ ናይ ተቓላሲ መንፈስ ዘየርኣየ መንእሰይ ምንባሩ ኩሉ መማህርቱን መታዓብይቱን ይፈልጥ።

እቲ ቀንዲ ናይ ምንቕስቓስ ባህሪ ከጥሪን ክውንን ዝኸኣለ በቲ ቀንዲ ዓርኩ ብሙሴ ተስፋሚካኤል ኢዩ። ኣስተውዕሉ ኣዋልድ ከም ኣደነታት ክመሓሓላ ከለዋ ጸጸር ይውሕጣ። ዘልኣለም ድማ ሓንቲ ጓል ንመሓዝኣ ልዕሊ ሓብታ ትጥምታ። ቀንዲ የዕሩኽ ኣብ ልኡል መኮንን ኢሰያስን ሙሴን ኢዮም ነይሮም። ዓርኪ ኣብቲ ምትእምማን ምቅርራብን ሳልሳይ ናይ ኢሰያስን ሙሴን ድማ ሃይለ ድሩዕ ኮይኑ። ሰለስቲኦም ኣብታ ናይ ኣዲስ ኣበባ ጉጅለ ብሓባር ነይሮም። ብፍላይ ድሩዕ ኢሰያስ ከም ዝብድል ገይሩ ወሲድዎ ኣይፈልጥን። ከም ህወኽን ዘዋጽኦ ዘይፈልጥን ገይሩ ዝተገራሃሉ ቁጽሪ ዘይብሉ እዋን ነይሩ። መጥፊኢኻ ይብረሃካ ኮይኑ ግን እቲ ኩነታት ንርአ ኣለና። ትፈልጡ’ዶ ከምተን ጸጸር ዝዋሓጣ መሓዙት ኣዋልድ ሰለስቲኦም ክሳብ ዕለተ ሞቶም ዘይፈልዩ ገለ ነገር ከም ዝገበሩ? *__እው ናቶም በደም እኳ ድኣ!!!!!!!!!፤__* ብኸመይ ግን ተዋዓዒሎም። ካበይ ኣምጺኦማ እታ ሓሳብ ወይ መን ኣንቂልዋ ብርግጽ ኣይፈልጣን ኢየ። ከም ጠባይ ክመዝን ከለኹ ግን ሙሴ ክኸወን ይኽእል እብል። ሙሴ ውዑይን ቀልጢፉ ኣማንን ስለ ዝነበረ። ሰለስቲኦም ልዑል ናይ ኤርትራ ፍቕሪ ከም ዝነበሮም ዘምስል ኢዩ ውዕል ንምንጻፍ ዝሓለነ ምልክት። እወ *__ሙሴን ሃይለ ድርዑን__* ብሓቂ ነይርዎም። እንተ ኢሰያስ ግን ሓራድ በጊዕ ዘይኮነስ ሓራድ ሰብን ጠላምን ኢዩ። ስለምንታይ ከምኡ ኢልካ ትብሉኒ ትኾኑ። ግን መበሊ ኣለኒ። ከምኦም መንእሰይ ዝነበርኩ። ብሕውነቶም ዝተሓጎስኩ፡ ብምትሕብባሮም ዝተጸለኹ፡ ብናይ ድሩዕ ጥበብን ሜላን ዝጸገብኩ፡ ብናይ ሙሴ ውዕውዕ ስምዒት ዝረወኹ ነይረ። ልክዕ ከም ኣፈወርቂ ኣምሓራይ ከም ታረቀ የሕደጎ ከም ርእሶም ከም የውሃንስ ስብሃቱ ብቐረባ ዘድንቆም’ውን ካልኦት ነይሮም ኢዮም። ይኹን እንበር ንምንታይ ኣብዞም ሰለስተ ኣድሂብካ ትብሉኒ ትኾኑ። ብመጀመርያ ካብ ኩሎም ንላዕሊ ዝፈልጦ ንኢሰያስ ኢየ። ምስ ኢሰያስን ኣማረ ሓዉን ጥብቕ ዝበለ ፍልጠት ኢዩ ነይሩና። ዓቢ ኣያይ

ኣብ ኣኸርያ እንዳ መሃረ ከሎ፣ ማለት መምህር ተኸለ ዘውደ ጀሚረ ኢየ ንኢሰያስ ዝፈልጦ። ኣያይ ኣብ ኣኸሪያ ይምህር ብምንባሩ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ይመላለስ ነይረ። ኢሰያስ ኣብ ኣኸሪያ ኢዩ ክሳብ ራብዓይ ተማሂሩ። በዓል ግርማይ ሳንቲ ኢዮም ደቂ ክፍሉ ዝነበሩ። ናይ ንእስነተይ ፍልጠት ኢዩ። ይኹን እንበር ኢሰያስ ምስ ድሩዕን ሙሴን ምስ ተቐራረበ ኢዩ ቁሩብ እንዶ ሃገር ክገብር ዝጀመረ። ዕርክነቶምን ብጻይነቶምን ድማ ደልደለ። ከም መጻውቲ ግን ብዙሓት ደቂ ዕዳጋ ዓርቢ ነይሮምና። ብዝያዳ ዝዝክሮም ግርማይ ኪዳነ ወዲ ፍሊፖ ኢዩ ንዕኡ እገድፈሉ። ወይ ኣብ ናይ ሓባር ጠረጴዛ ኮይ ኢልና ዕላል ቀዳሞት ነዕለሉ ይመጽእ ይኸውን።

እንታይ ወይ ከመይ ዝበለ ውዕውዕ ውዕል ነይርዎም ትብሉ ትኾኑ? ካብ ፊደላት ላቲን ሓንቲ ፊደል መሪጾም ኢዮም ክሳብ ዕለተ ሞቶም ከይጣለሙ ዝተሰማምዑ። ንሳ ድማ እታ E (ERITREA) ትብል ፊደል ኢያ። ኣብ ናይ ኢዶም ምናት ኣብ ሰለስቲኦም <u>*E ትብል ብሰንጢ ሓንጢጦም ኢዮም ብደሞም ከይጣለሙ ተመሓሒሎም።*</u> ኣብ ሰለስተ የእዳው ሰለስት E ነይረን። እተን ክልተ ተበሊዐን፣ እታ ሳልሰይቲ ውሒጣተን። እሰያስ ንኣውራጃ ኣከለ ጉዛይ ዝያዳ ዘጽልእ ምኽንያት የብሉን። ሓቂ ግን ቀታሊ ሰብ ንውዑሉ ዝጠለመሉ ከማኻኒ መማረሪኡ ንመላእ ህዝቢ ከናቑት ከም መፈላለይ የልሕሞን የራብሐን። እንታይ ኢያ ሓማሴን ንወዲ ሓማሴን? እንታይ ኢያ ሰራየ ንወዲ ሰራየ? እንታይ ኢያ ኣከለ-ጉዛይ ንወዲ ኣከለ-ጉዛይ? ከም ሕቶ ነንብረን እንበር ከም መልሲ ግን ዝህበኦ ትርጉም ክህሉ ኣይክእልን። ኣውራጃ እኮ ትሕቲ ሃገራዊ ቅርጺ ኢዩ። ኣብ ኣመሪካ 52 ኣውራጃታት ኣለዋ ግን ሓንቲ ኣመሪካ ኢያ ኣብ ዓለም ትፍለጥ። ሓደ ዜጋ ናይዛ ሃገር ድማ ኣመሪካዊ ይበሃል። ንሕና ድማ ሓንቲ ሃገር ኣላትና፣ ኣደና ድማ ኤርትራ ኢያ። እስኪ ኢሰይስ ተስፉ ሓሳዊ ኢዩ ክብል ነታ ጠሊማን ተርፋን ዘላ ሓንቲ ኣብ ኢዱ ትርከብ E ቀሊዑ የርእየና። ፈጺሙ ኣይገብራን ኣይውዕላን ኢዩ። ንሳ ኣባህሪራቶ እንትድዩ ተወሳኺ ሰብ ዘህልቐ ዘሎ። መደቡ ኢዩ እቲ ቀንዲ ባህርያዊ ጠንቁ። ክኣልምን ክፍሕስን ብምንባር ሃገርን ህዝብን ይልክም እንበር፣ ብኣንጻሩ ንሱ ቀሲኑ ከም ዘይድቅስ ምስኡ መስክነትይቲ በዓልቲ ቤቱ ጥራይ ዝፈልጥዎ ሓቂ ኢዩ። ከም ዝብህር ኣይትጠራጠሩ። ቀቲሉን ቀንጺሉን ደቂሱ ዝሓድር ሰብ የለን። እንድዕ ኣነ ግን ኣብ ብጾተይ ምቕታል ስለ ዘይወዓልኩ ፣ ናይ ቀንጽሊ ባህሪ ትዓርፍ ኢያ ኣይብልን ኣይፈልጥን'ወን።

ደገፍቲ ኢሰያስ እስኪ ነዛ ሕቶ እዚኣ መልስዋ። ብሓቂዶ ይመስለኩም ኢሰያስ ኣብቲ ናይ ጥሪ 1977 ውድባዊ ጉባኤ ከም ምክትል ዋና ጸሓፊ ኮይኑ ዝተመርጸ። ባዕሉ ኣዳላዊ፣ ባዕሉ ነቶም ክካፈሉ ዘለዎም ሰባትን ቁጽሮምምን መን መን ኢዮም ዝመረጸ። ባዕሉ መራጺት ኮሚቴ ዘዳለወ። ባዕሉ ነታ ማእከላይ ሽማግለ ቅድሚ ምምራጻ ሓጽዩ ዘቐረበ። ባዕሉ ንሓቀኛታትን ሰውራውያንን ክይካፈልሉ ዝጸልጸለ። ስለምንታይ ግን ነብሱ ከም ምክትል ዋና ጸሓፊ ከም ትምረጽ ጥራይ ገይሩ። ኢሰይስ ተዋሳኣይ ኢዩ። ድሕሪ ዕስማን ሳልሕ ሳበ ህዝባዊ ሓይልታት ተኣልያ ናይታ ሓዳስ ውድብ ክርስትያን መራሒ ክኸውን የብሉ ዝብል ጸወታ ኢዩ ዝጻወት ነይሩ። ንመንከ ኢዩ እቲ ቀንዲ ምህዞን ስእሊን ተሳኢሉ። ብቐረባ ንሃገራት ኣዕራብ፣ ሮመዳን ሓመድኑር ኢዩ ዝመርሓ ዘሎ ክብላን ሓገዝን ክልግሳን። ንሳበ ድማ ካልእ ኣብ ሜዳ ሮመዳን ዝበሃል ይመርሕ ኣሎ ንዕኡ ኢና ንሰምዕ ክብላን ብውሕዱ ክንጽሎኦን። ቀጺሉ ድማ ምስ ጀብሃ ዘለዎ ሕሳብ ብውግእ ስለ ዝዕጾ ክርስትያናዊ ሓይሊ ኢዩ ደምሲስዋ ከይብላ። እንተ ተኻኢሉ እውን ኣብ ጀብሃ ዘለዉ ገለ መሪሕነት ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዲሞክራሲ ኣሎ ክብሉ እንተ ተታለሉ እሞ ኣሰር መንካዕ ከስዕቦም። ነቶም ገስገስቲ ዝኾኑ ኣብ ጀብሃ ኣርከቡ ድማ ዲሞክራሲ ኣብ ሻዕብያ ኣሎ ክብሉ እሞ ስምረት ብናቱ ቅርጺ ክቕበሉ። ብሩሕቕ ድማ ንኣመንቲ ምስልምና ኣብ ኤርትራ ደገፍቲ ህዝባዊ ግንባር ገይሩ ክዕድግ። እዚ ጸወታ እዚ ርኹስ ኢዩ። ናይ እምነት ፍልልይ ኣብ ኤርትራ ዳርጋ ምስ ካልእ ሃገራት ኣወዳዲርካ ክትርኦ ከለኻ የለን ኢኻ ትብል። ኢሰያስ ግን ነታ ይሓርዱና ኣለዉ ዝብላ ዝነበረ ናይ ,,ንሕና ዕላማናን“ ጽሕፍቱ ሓቀኛ መሲሉ ክረአ ዝፈትነላ ካልእ ሜላ እውን ኢያ። እሞ እቲ ቀዳማይ ዋና ጸሓፊ ተጋዳላይ ሮመዳን ሓመድ ኑር ንህዝባዊ ግንባር መርሓዶ? ዘበት !!!!!! ከምቲ ኣብ ናይ 1979 ናይ ጀልሃንቲ ምንቅስቓስ ተባሂሉ ብሓሶት ዝተጸወዐ ኣኼባ ብግሉጽ ናይ ሮመዳን ሓመድኑር ተራ ኣብ ካርቱም ኮፍ ኢሉ ደርሆን ምቁር መግብን ምምጋት ቦታ ኢዩ ተዋሂብዎ ኢለ ንህይወትይ ከይፈትራሕኩ ኣብ ቅድሚ ልዕሊ 500 ተጋደልቲ ብብሩህ ዝገልጽክዎ ሓቂ ጥራይ ኢዩ እቲ ቀንዲ መግለጺ። ኣብ ኤርትራ ኮነ ኣብ ዙርያ ዓለም ፋሕ ዝበሉ መሰኻኽር እውን ኣለዉ። ኣብ ጀርመን ኣብ ብሪጣንያ ኣብ ስዊድን ኣብ ሆላንድን ኣብ ኣመሪካ ኣብ ኩሉ ኣለዉ። ግን ኢሰያስ በብቕሩብ ዝፍኖ መደብ እውን ነይርዎ።

ሓማሴን ተረኣ ኣብ 1976 ብጽሓ። ናታ እኮ ይኸፍእ። ምስታ ናይ የሚን ትብል ግን ኣቓድም ኣቢልካ ኣብ ሓንቲ ጋንታ ብፍላይ ኣብ ማርሳ ተኸላይ ዝነበረት ጋንታ ዝተራእየ። ሓደ ኣብ ብንእስነተይ

ዝፈልጠ መምህር ኣብ ናይ ከባቢ ገጀረት ዝነበረት ቤት ትምህርቲ ኣድፈንቲስት ሚሽን ዝምህር ፍስሃየ ሓጎስ ዝብሃል ዓቢ ሓዉ ንዓርከይ ሃብተ ሓጎስ ነበረ። እዚ ፍስሃየ ሓጎስ ዝበሃል ወዶም ንሻምበል (ካብተን) ሓጎስ ናይ ከተማ መንደፈራ ከንቲባ ዝነበሩ ኢዩ። ፍስሃየ ሓጎስ ናይ ምምሃር ሞይኡ ገዲፉ ኣብ ሆለታ ናይ መኮንናት ናይ ጦር ሰራዊት ወተሃደራዊ ቤት-ትምህርቲ ተሳቲፉ መቶ ኣለቃ ኮነ። ኣብ መጀመርያ ከም መኮንን ኮይኑ ኣብ ናይ 1967 ባርካ ክትነድድን ክትዝረፍን ህዝባ ክቕተልን ከሎ ተመዲቡ ግን ተባዕን ቆራጽን ሃገራዊ ዕማሙ ዝፈጸመ ሰብ ኢዩ ነይሩ። ንብዙሓት ዓድታት ከይነዳን ከይዝረፋን ፍሉይ ሜላ ተጠቒሙ ከም ዝሃድሙን ከም ዝእለዩ ዝገበረ ጅግና ኢዩ ነይሩ። በቲ ዝገበሮ ተፈሊጡ ድማ ኣብ ወተሃደራዊ ኮርት ማርሻል ከም ዝቐረበ ካብ ቤተ ሰቡ ኣብ ገዝኢ ምስ ሃብተ ሓግስ ሕሳስ ልደ ሓዊ ርክብ ስለ ዝነበረኒ እፈልጥ ነይረ። ኮይኑ ግን ንሞት ተፈሪዱ ስጉምቲ ከይውሰደሉ ኣቡኡ ናይ ኣንድነት ምስ ኢትዮጵያ ዓቢ ተራ ዝትጻወቱ ስለ ዝነበሩ ብማሕዩር ንማእከል ኢትዮጵያ ተሓይሩ። ኣቐዲሙ ኣብቲ ናይ ኮንጎ ዝተኻፈሉ ሰራዊት እውን ከይዱ ስለ ዝነበረ ይኸውን ገለ ምሕረት ዝተገብረሉ እብል። ቀጺሉ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከም ማሕዩር ክቕመጥ ከሎ ሃዲሙ ብገለ ናይ ኣፍሪቃ ሃገራት ኣቢሉ ድሕሪ ምህዳም ናብ ጀርመን ይኣቱ። ሓያልን ብርቱዕን ወተሃደር ኢዩ ነይሩ። ድሓር ኣብ ሜዳ ኮይነ ክሰምዕ፣ እቶም ኣብ ኮንጎ ዝረኣይዎ ናይ ግብጺ ወተሃደራት ኣብ ካይሮ ምስ ረኸብዎ እሞ ካብ ናይ ኢትዮጵያ ሰራዊት ምስንባቱ ክኣምኑ ብዘይ ምኽኣሎ ክጻብእዎ ፈቲኖም ነይሮም። ብናይ ቤት ጽሕፈት ጀብሃ ደገፍ ግን ንጀርመን ኣትዩ። ካብ ጀርመን ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ይስለፍ። ክዕለም ድማ ናብ ብለቓት ይመጽእ። ከም ተዓላማይ ድማ ናብታ ኣነ ዝዕልማ ሓይሊ ይምደብ። ድሕሪ ምዕላሙ እውን ምሳይ መራሕ ጋንታ ኮይኑ ነይሩ። ኣነ ቅድም ከም መምህር ስለ ዝፈልጦ። ብድሕሪኡ ድማ ናይ ጦር መኮንን ስለ ዝነበረ ወተሃደራዊ መምህር ኮይኑ ክምደብ ንሮመዳን ኣውልያይ ኣቕሪበ ነይሩ። ግን ምስ ሓንቲ ጋንታ ንማርሳ ተኸላይ ይምደብ። ድሕሪ ብናይ መንካዕ ምስእሳረይ ወጺኤ ኣብ ሕርሻ ምስ ተመደብኩ ዳርጋ ከም ማሕዩር ምስ 7 ብጾተይ ንማርሳ ተኸላይ ይምደብ። ኣብኡ ምስታ ጋንታ ዝነበራ ከሎ ንራኸብ። ቁሩብ መዓልቲ ጸኒሑ ሃዲሙ ናብ ናይ ኢትዮጵያ ጦር ሰፈር ኣብ ቃሮራ ኢዩ ይህብ። እታ ጋንታ ድማ ብኢትዮጵያ ዝመጽእ ወራር ስለ ዝፈርሐት ካብቲ ዓሪዳትሉ ዝነበረት ትእለ። ንሕና እቶም 8 ግን ዋላ ኢትዮጵያ ትቕተለና ኣይተሓበርናን። ኣብ ከባቢና ዝነበረ ይባ እድሪስ ለይቲ መጺኢ ,,ተስፉ ወጀ ኣፎ እንትም እንሰር ጉሱያም ህለኩ፣ ጀመዓትኩም ኣና ይኣመርኩ ማለ ለሊት ኣንሰሓበው" በለኒ። ተስፉ ወደይ ንምንታይ ኣብዚ ኣለኹም፣ ትማሊ ብጾትኩም ኣንሳሒቦም እንድዮም ይብለኒ። ሽዑ ለይቲ ናብቲ ዕርዶም ከድና እንተፈተሽና ሰብ ዝብልዎ የለን። ኣነ ተመሊሰ ንጾተይ ይሕብር። እሞ እቲ ኩነታት ከተጻርዩ፣ ንስኻ ሓደ ካባና ምረጽ እሞ ንማህሚመት ኪዱ ይብሉኒ። ንየውሃንስ ውዲ ሓወብኡ ንተጋዳላይ ኢሰያስ ተወልደብርሃን (ወዲ ፊናንሳ) ምሳይ ይወስዶ። እቲ መንገዲ ናይ ምልእቲ ለይቲ ርሕቀት ኢዩ። ድህሪ 8 ሰዓት ናብ መዳግሕ ንበጽሕ። ኣብኡ ዝነበረት ጋንታ ኣውን ኣይነበረትን ኣንሳሒባ። ቀጽልና ናብቲ ቀንዲ መዓስከር መጎዓዝያን ክፍሊ ታዕሊም ንዝኾነ ልሙዕ ኣግራብ ዝርከቦ ንማህሚመት ንከይድ። ኣብኡ እውን ብምሉኦም መጎዓዝያን ክፍሊ ታዕልሚን እውን ኣንሳሒቦም። ንኣልገና ቀጸልና። ኣብኡ ልዕሊ 3000 ይኸውን ሰራዊት ጸንሓና። ኩነታት ሓተትና። ሓደ ከዳዕ ናብ ቃሮራ ስለ ዝኣተወ ናይ ኢትዮጵያ ወራር ክህሉ ስለ ዝኽእል ንኹሉ ክፍልታትና ድማ ብነፈርቲ ክህረም ስለ ዝኽእል ኣሊናየን ይብሉና። ንሕናከ ስለምንታይ ዘይንሕበር? እታ ኣብ ማርሳ ተኸላይ ዝነበረት ጋንታ ዘይትሕብረና? ክንስዋእ ዲዩ ተደልዩ ዝብል ሕቶ ሓተትኩ። ግን ጥዕይ መልሲ እውን ኣይተዋህበንን። ንጽባሒቱ ለይቲ ተመሊሰ ሳልሳይ ሰብ ወሲኽና ንማርሳ ተኸላይ ንምለስ። ኣብኡ እንተ በጻሕኩ ድማ እታ 6 ዝቑጽራ ጉጀለና የላን። ኣብ ኣግነት ናይ ገባር ድሕሪ ምውዓል ንለይቱ ንመስሓይት ንደቡብ ገጽና ብለይቲ ንኸይድ። ድሕሪ 10 ሰዓታት ጉዕዞ መስሓይት ንበጽሕ። ኣብኡ ሓንቲ ናይ ብጾትና ጋንታ ትጸንሓና። በዓል ፍስሃጼን ወዲ ባሻይ ደለውዎ ኢያ። ሻሂ ኣስትዮም ኣብ ሓንቲ ጽላል ንበይንና ኮፍ ኣበሉና። ነታ ኣብኡ ዝነበረት ጋንታ ናባና ከይትቐርብ ከልከልዋ። ንሕና መንካዕ ኢና ሰብ ክቐርበና የብሉን።

ፍስሃየ ሓጎስ ከምቲ ዝሰማዕክዎ ብዘደንቕ ክእለት ናይ ክልተ ለይቲ ሕቡእ መንገዲ ብጾትና ክኹሉ ጎቦታት ከቢቦሞ ከለዉ ከይተራእየ ሰሊኹ ንቃሮራ ናብቶም ጦር ኣተወ። ሽዑ ሆሊኮፕተር ኣምጺኣ ንኣስመራ ወሰደቶ። ዝገርመኪም ድሃዩ ንልዕሊ 33 ዓመት ኣይነበረንን ኣብ ወርሒ 5 (ምያዝያ)2009 ኣብ ሳንድያጎ ካሊፎርንያ ረኺበዮ። ዝተትዎን ዘኽብሮን ዓቢ ሓዉ ንነፍሰ ሄር ሃብተ ሓጎስ ብምኳኑ ኣብ ሳይድየጎ ኣሎ ምስ በሉኒ በጽሕክዎ። ሓሚሙን ኣዝዩ ሸምጊሉን ጸንሓኒ። ኾነ ክይኑ ግን ምስ መንግስቲ ህግደፍ ዝምድንኡ ተመሓይሽ ስለ ዝጸንሓኒ ብዙሕ ጉህየ። ኣብቲ እዋን እቲ ናይ ሰራየ ጉጅለ ኣቑሙ ክብሉ ወንጂሊሞስ ብህውይቱ ከምልጦም ክኢሉስ ለሚ ነቲ ኩሉ ዝተፈጸመ ርሲዑ እሞ ናይ ሰራየ ምትእስሳር ዝብልዎ ጠቐነ ዘየለ ሓሶት ሰጊሩ፣ ንኻልኦት ዝተእስሩን ብዘይ ወዓልዎን ኣብ ጸልማት ዝኣተዉን ዘኪረ ብዙሕ ሓዚነ። ኣብ ኩሉ ዝካየድ ስም ምምርሳሕ ናይ ኢሰይስ ዘምለጠ ሰብ ህግደፍ ነጺሃ

ክብል መግለጺ ክህብ ፈጺሙ ኣይወሓጠልካን። ናጽነት እቲ ብደቂ ሃገር እንበር ብህግደፍ ኣይመጸትን። እቶም ዝተሰውኡ ብወገን ህዝባዊ ግንባር 65 ሺሕ ገለ 20 ዘይመልኡ ኢዮም እቶም ናይታ ስውርቲ ሰልፊ ኣባላት ዝኾኑ። ካልእ ኩሉ ብምሉእ ወላድ ህዝቢ ኢዩ። ንሳቶም እውን እንተኾነ ብዘይፈልጥዎ ኣብቲ ሰልፊ ኣትዮም ከም መሳርሒ ይንበሩ እንበር ደቂ ህዝቢ ኢዮም።

ብድሕሪኡ ምጽራይ ደቂ ሓማሴን ኢያ ቀጺላ። ኣብታ ናይ ማርሳ ተክላይ እውን ሕጂ ምስ ህግደፍ ዝምድንኡ ኣማሓይሹ እንበር ሞጎስ ፋሲል እውን ከም ናይ የሚን ጽልዋ ዘለዎ ኢዩ ስሙ ኣብ ሜዳ ተዘርጊሑ። ካብቲ ዝነበሮ ጋንታ ተሳሒቡ ናብ ሓለዋ ሰውራ ተኣሲሩን ንኣሕዋቶ ገብርኤል ፋሲል፣ ጸሃየ ማሲል፣ ኤደን ፋሲል ካብ ኢትዮጵያ ምስ መጹ ኣብታ ዝዕልመላ ዝነበርኩ ኢዮም ዓሊቦም። ንሰለስቲኦም ብዘለዎም ብቕዓትን ክእለትን ኣድናቖተይ ወሰን ኣይነበሮን። ብፍላይ ናብ ገብርኤልን ኤደንን ብቐረባ ስለ ዘዛራርብክዎምን ኣብ ዕለታዊ ስራሕ ድማ ክረኽቦም ናይ ግድን ኢዩ ነይሩ። ምስቲ ካብ ልዑል ናብራን ስልጣንን ዝነበሮም ነቲ ናይ ሜዳ መነባብሮ በርቲዕዎም ይንበር እንበር ስኖም ነኺሶም ክጻወርዎ ከለዉ ሞራልን ፍናንን ይህቦም ነርይረ። ግን ቆሪጾም ዝመጹ ብምንባሮም ድማ ተጻዊሮም ሰጊሮሞ። ናይ ኣልኣህራም ኮነ ናይ ሽርቐል ኣውሰጥ ጋዘጠኛታት መጺኦም ኣብ ዝነበሩሉ ንገብርኤል ብናይ ሃይለስርዓትን ናይ ደርግን ምልውዋጥ ኣብ እታ ሃገር ዘሎ ፖለቲካውን ኦኮኖምያውን ውድቀት ገብሪኤል ብዝያዳ ክገልጽ ኤደን እውን ኣብ ናይ ፍትሒ መግለጺ ክህብ ኣድላይ ሓበሬታ ሂበ ነይረ። ይኹን እንበር መሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ናይ ደጀን መራሒ ሰለሙን ወልደማርያም ስለ ዘይፈተወ ከምቲ ዝተጸበኽዎ ክኸውን ኣይከኣለን። ብድሕሪኡ ግን ጠፍጢፉ ጠፋጢፉ ኣብቲ ናይ የሚን ዝብል ጉጅለ ተሰሪዖም ኣለዉ ዝብል ፍሕሶ ናይ ኢሰያስ ክቕንጥቦም ተቐሪቡ ነይሩ። ናይ ሞጎስ ካብ ሓለዋ ሰውራ ሃዲሚ ምምላጥን ኣድሒንዎም። ኮይኑ ግን እቲ ቀንዲ ማህሰይቲ ንዕኡ ኣላፋሊፍካ ነታ ስድራ-ቤት ብምልእታ ምተቐንጠበት። ሓደ ሓዎም ናብ ክወይት ዝኸደ ምተረፋ። ኮይኑ ግን ብገለ ረብሑ ርኡ ወይ ድማ መጎስ ብግዳም ዘስዕቦ ጠንቂ ንምውጋድ ኢሉ ኢሰያስ ከም ዝመሓሮም ኢየ ዝግምት። ናይ ኢሰያስ ኮነ ናይ ሰለሙን ምሁራት ምጽላእ እውን ካብ እንዳ ፋሲል መረዳእታ ክህልዎ ዝኽእል ንላዕሊ ክህሉ ኣይክእልን። ሎሚ ኤደን ኮነ ገብርኤል ዝነሮም ፍልጠት ተሓኺኹ ካልእስ ይትረፍ ኣብ ሓንጎሎም ዝዓቐብዎ ብዙሕ ተመክሮ ሓዘል ፍልጠቶም ክጽሕፍዎስ ይትረፍ፣ ካልእ ጽሒፉ እንተ ዝህቦም ከንብብዎ ኣይ ምኽእሉን። ከም ኤደን ዝመሰለ ኣብ ,እቲ ዝለዓለ ,ጠቕላይ ፍርድ ቤት“ ፈራዳይ ዝነበረ ብናይ ፍርዲ ምስልጣን ኮነ ኣብ ፍርዳዊ ውሳኔ ተራ ክጻወት ዘይምርኣየይ ክሳብ ሎሚ ኢሰያስ ክሳብ ክንደይ ሰብ ከደንቁር ዝተበገሰ ዲኖዛውርያ ከም ዝኾነ ኢየ ዝድምድድም። ልዕሉ ናይ ፍትሒ ትምህርቲ ዝተማህረን ብናይ ፍርዲ ስለጣን ድማ ትሕቲ እቲ ናይ ,,ዝፋን ችሎት ወይ ናይ ዝፋን ፍርዲ ቤት“ ሃይለስላሴ ዝነበረ ዝኣክል እሞ ከም ካላኦት ወሲኽካ ፍትሓዊ ቅርጺ ኣብ ኤርትራ ክቕረጽ ይከኣል ነይሩ። ነዚ ተሪፉ ናይ ፍርዲ ምኒስተር እንዶ ዘይብላ ንፈውዝያ ስልጣን ምሃብ ኢሰያስ ከይሲ ወይ ጸይቀ-ግኑን ከም ዝኾነ ኣመስኪሩ።

ኩሉ ኣብ ናይ ኢሰያስ ኣሰራርሓ መጀመርያ ብቲሒም ቲሒም ዝኸይድ ኢዩ ገለ እኩይ ንፋስ ዝነፍስ። ንሓማሴን ካርነሽም ከም ናይ ህዝባዊ ግንባር ደምበዛን ናይ ጀብሃ ዝብል መስርዕ (Classification) ተዋሂብዎን ነይሩ። እዚ ኣቲ ድሮ ናይ የሚን ምእዋጅ ዝወጸ ኢዩ። ጸኒሑ ድማ ንጽርግያ ዓድተከለዛን ክሳብ ሓሊፍካ ኣብ ደቀምሓረ ደምበዛን ትበጽሕ ከይተተንከፈ ክሳብ ኣፍደዩ ብሓደ ጠርኒፍካ ናይ ሰለሙን ወሲኽካ ንየማን ዘሎ ብምልኡ ምስኡ ዝሽፈቱ የሚን ትባሂሎም። ካብ ኣፍደዩ ንጼጋም ድማ ካርነሽም ኣስመራ ሰሓርቲ ሓዊስካ ድማ ናይ ኢሰያስ ኢዮም ዝብል ሓድሽ ዘይተኣደነ ጆግራፊያዊ ቅርጺ ዝገልጽ ውሽጣ ውሽጢ መግለጺ ተነዚሑ። ምስ ኣከለ ጉዛይ መተዓረቒ ድማ ብደልትኹም ካብ ዓድተከለዛን ንየማን ዘለዉ ኢዮም ጸላእትኹም እሞ ንዑ ናባና ተጎራበቶ ዝብል ጻውዒት ዘስምዕ ኢዩ። ጸቢቡ እነተብልካስ ዝገደደ ዝጸበበ። እሞኽ ኣብዚ ናይ የሚን ምንቅስቓስ በዓል ዶክተር ኢዮብ፣ ኪዳነ ኣበይቶ፣ መሓሪ ግርማጼን፣ ገብረሚካኤል ወዲ ኣርባዕተ ሓዊስካ ተቐንጺሎም። ዶክተር ኢዮብ ምስ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ተጋደልቲ ዝመያየጥን ዝራኽብን ጥራይ ዘይኮነ ከም ናጻ ሰብ ጽፉፍ ናይ ምርድዳእ መንፈስ ዘካይድ ኢዩ ነይሩ። ንሓሶት ንይምሰል ኢዩ ንኻርነሽም ከም ናቱ ገይሩ ዘርኢ መናፍሕ ዘካይድ ነይሩ። ዶክቶር ኢዮብን መሓሪ ግርማጼንን ግን ደቂ ካርነሽም ኢዮም። እቲ መስኪን ተጋዳላይ ቅድሚ እታ ብሓሶት እትፍለት ባዶ ሰለስተ ኣቐዲሙ ብትሒም ትሒም ኣብ ድሮ ባዶ ሰለስተ ዝተቐየረ ኢዩ ነይሩ። ክንዳይ መሳኪን ደቂ ኣውራጃ ሓማሴን እውን ሃሊቖም ኢዮም።

ኢሰያስ ኣብቲ ናይ 73 ጉዳይ ነቶም ናይ ቀዳማይ ወገን (ሱድሕ ዔላ( ወይ ንዑብል እዞም ክርስትያን ብእምነት ናብ ኢትዮጵያ ኢዮም ዝቐኑ እሞ ነዞም ተላዒሎም ዘለዉ ባዕልና ስለ ንፈልጦም ጀዋሲስ ሓበሽ ኢዮም እንዳበለ ኢሰያስ ከም ዘናቖትን ኣብ ጉዳይና ኢድኩም ኣይትምለሱ ከም ዝበለ ደቂ ሰምሃር

ክኣምንዎ ክኢሎም። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ተጸልያ ዝዓበየት ህዝባዊ ሓይልታት ቀስ ብቐስ እቲ ኣርዌ ንከበሳ ክይደየበ ነቶም ምስ ካልኦት ብሄራት ዘራኽብን ናይ ሓባር ምንባርን ሃገራውነትን ክደልድሉ ዝኽእሉ ደቂ ከበሳ ኣርዩ ኢዩ ህዝባዊ ግንባር መስሪቱ ንበረኽቲ ቦታታት ኤርትራ ደይቡ። ብድሕሪኡ ናብ ባርካ ከንቆልቁል ጸገም ትኾኖ ጀብሃ ከመይ ትእለ ምሕንጻጽ ኢዩ ነይሩ መደቡ። በብደረጃ ዝኸይድ ተግባሩ ከም መእተዊ ክሳብ መበል 13 ሕታም በጺሑ። ኣብዚ ደምዲመ ናብ ቀጻሊ ካልእ ክሳገር መዲበ ኣለኹ። ንተጎሩባ ድማ ብዝገሩለይ ደገፍ ብጣዕሚ የመስግን። ሓገዞም ድማ ኣብቲ መኸፈት ሸውሃት ታሪኽ ኢሰያስ ከየብቀዐ ክሳብ ናብ ምሕታም መጽሓፍ ከም ዝተሓባበሩኒ ድማ እተኣማመን።

ቀጺሉ ዝቐርብ ድማ ሰለስት ናይ መንካዕ ታሪኽ ዝብል ምስ ብዙሕ ናይ ተሓአ ኢዩ።  ትግረሙ ትኾኑ። እወ ዘገርም ኢዩ። መን ኢዮም እቶም 3 መንካዕ። ቀዳማይ እቶም ናይ 73 ህዝባዊ ምንቅስቃስ። ካልኣይ መንካዕ ብዙሓት ምሁራት ኮነ ስሚዕቶም ናይ ስምትረትን ሓንቲ ኤርትራ ተጣባቒቲ ሓዊስካ እቲ ብዕሊ ዝተኸሰ ናይ ጀልሃንቲ ምንቅስቓስ ኢዩ። ሳልሳይ ድማ እቲ ብG 15 ዝፍለጡ ኢዮም። ካብ ምቅላዕ ከይወጻእኩ ከም ስም ኢሰያስ ከምኡ ገይሩ ስለ ዝሰመየ ኢየ ዝኸተሎ እንበር ዳህሰሳይ ናብ ኩሉ መዳይ ዘድሃበ ኢዩ። ባህሪ ኢሰያስ ንምግላጽ ኣብ ኩሉ ኣጽፋሩ ዝተዋፈረሉ ገጽና ከነድህብ ኣለና።

ካብ ዝመጽእ ዘሎ ሰሙን እቲ ኣዕናዊ ምንቅስቓስ ከም ጽሑፍ በብቐሩብ ክፍንዎ ኢየ። እዚ ድማ እቲ ኣብ ካልኣይ መሃፈርቐ 60ታት ኣብ ጀብሃ ዝተላዕለ ናይ ለውጢ ምንቅስቓስ ዘብገሶ ,,ብኢስላሕ“ ዝፍለጥን ከምኡውን ኣብ ቀዳምይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ዝወጸ ናይ 1971 ሰላማዊ ፍታሕ ዝሓለነ ጻውዒትን እውን ኣብቲ ጸብጻባተይ ተራ ክህልዎ ኢዩ። ኣባል ቅያዳል ኣል ዓማ ዝነበረ ኢሰያስ ንመን ጠቂኑ መንበሩ ከጣጥሕ። እቲ ኩሉ ክፈልጥ ዝደልን ብፍላይ ድማ እቲ ሓዲሽ ወለዶ ክሰንቐ ኣለዎ። ግዳይ ናይ ኩሉ ጥፍኣት ንሱ ስለ ዝኾነ። ጭንቅን መከራን ስለ ዘውረስናዮ፣ ንሕና እውን በየናይ ባርዕ ከም ዝተለብለብና ክፈልጥ።